الحركة الشعبية الإرترية
ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ
Eritrean People's Movement

ናይ ደገፍ መግለጺ ንምእራም ዝተበገሱ ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ኤ.ህ.ም

ንሕና ካብ ኣባላት ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቃስ፣ ጨንፈር ዓባይ ብሪጣንያ፣ ውድብና ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቃስ፣ ምስ ሰልፍታት ሰልፊ ህዝብን ሰልፊ ዲሞክራስን፣ ኪገብሮ ዝጸንሐ ናይ ሓድነት መስርሕ ክሕበረና ጸኒሑ እዩ፥ ብጨንፈር ደረጃ'ውን ብዕምቕ'ት ከነጽንያን፣ ኣብ ሞንጎና ኮነ ምስኣባላት'ተን ክልተ ሰልፍታት፣ ክንማያየጠሉን፣ ሕቶታትን ርኢቶታትን ክንካፈለሉን ጸኒሕና ኢና። ይኩን እምባር፣ ምስቲኩሉ ኣብ ሓድነት ዚነበረና ሰናይ ድሌት፣ እቲ መስርሕ ሕቶን ርኢቶን ኣብ መንጎ መሰረታት "ብዕግበት ይዛዘም ነይሩ እዩ" ማለትና ፈጺሙ ከምዘይኮነ ኪንገልጽ ንደሊ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እከሎ ግን፣ ኣብዚ ዚሓለፈ ሓጺር እዋን፣ እቲ መስርሕ፣ መስመሩ ስሒቱ፣ ብኢደወነናካ፣ ነቲ ቅዱም ድሑር ነቲ ድሑር ከኣ ቅዱም ብምስራዕ፣ ኪኖው ውድባውን ሕጋውን ትጽቢትን መልክዕን ብምሕላፍ፣ ንመሰላት ኣባላትን፣ ደሞክራስያዊ ኣገባብትን ረጊጹ፣ "እቲ ሕብረት ወይ ሓድነት በጺሕናዮ ኢና" ዚብል ሓበሬታ ተላእከልና። እወ! ንሓድነት ተቃወምቲ ውድባት፣ ኩልና ደለይቱ ኢና፣፣ ይኩን ደኣምበር፣ እቲ መስመሩ ሲሒቱ ዚተከደ ግጉይ ዝላ፣ ኣድላይ ኣይነበረን። ቅንዕናን መትከልን ኣብ ቦትኡ እንተልዩ፣ ንመስርሕ ሓድነት በቢ ደረጃኡን ብሕጋውን ደሞክራስያውን መገዱ፣ ውድባዊ ባይታና ኣጻፈፍና፣ ከነርክበሉን ክንበጽሖን ንክእል እንዲና ነርና። ግን ስለምንታይ ከምዚ ተደልዩ?

ስልዚ፣ ነዚ ተረክቦ'ዚ ብምምዛን፣ "<u>ተፈጺሙ ዘሎ ጉዳይ ሓድነት፣ ሕጋውነት የብልኡን፣ ሕጋዊ ውሳኔ ውድብ ኣይኮነን፣ እቲ መስርሕ ክእረም ኣለዎ</u>" ንዚበሉ ኣባልት ማእከልይ ባይቶ ኤህም፣ ናይ ውድብ ላዕለዎት ሐገግቲ ኣካል፣ ምሉእ ድጋፍና ንገልጽ። "ደሞክራስያዊ ዲስፕሊንን ግዝኣተ-ሕግን ሎሚ ዚትግበር እምበር፣ ንጽባሕ ዚግደፍ ኣይኮነን" እውን ንብል።

ዓወት ወይ ሞት!

ኤርትራዊ ሕዝባዊ ምንቅስቃስ - ጨንፈር ዓባይ ብሪጣንያ

22 ጥቅምቲ 2009